# ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ አዋን ጥንሲ፥

(COVID-19 Immunization in Pregnancy:)

# ክትፈልጥዮ ዝግበኣኪ ነገር

(What you need to know)

### ጥንስቲ ኾይነ ብ ኮቪድ-19 አንተተታሒዘ ዝህልዉ ሓደጋታት አንታይ አዮም?

(What are the risks of being infected with COVID-19 if I'm pregnant?)

**አቶም ምስ ኮቪድ-19 ዝተሓሕዙ ከበድቲ ሳዕቤናት ካብ ኣብ አዋን ጥንሲ ዘይብልኪ ኣብ አዋን ጥንሲ አዮም ናይ ምግጣም ዕድሎም ሰፊሕ ዝኸውን።**

**(Serious complications related to COVID-19 infection are more common if you're pregnant than if you're not pregnant.)**

- ጥንሲ ሃልዩኪ አሞ ብ ኮቪድ-19 አንተተታሒዝኪ፣ ናብ ሆስፒታል ኣቲኺ ጥቡቕ ክንክን (ICU) ዝጠልቡ ምስ መተንፈሲ (ሳንቡእ) ዝተሓሓዙ ሳዕቤናት ናይ ምምዕባል ዕድልኪ ሰፊሕ አዩ።
- አንተደኣ ጥንስቲ ኮይንኪ አሞ ብ ኮቪድ-19 ተታሒዝኪ ኣብ ዘይአዋንኪ ክትወልዲ ትኽአልሉ ዕድል ሰፊሕ አዩ። ውላድኪ ድማ ናብ neonatal care unit (NICU) ክውሰድ ዝኽአለሉ ዕድል ሰፊሕ አዩ።
- አንተደኣ ጥንስቲ ኮይንኪ አሞ ካልኦት ናይ ጥዕና/health ኩነታት ሃልዮምኺ ኮይኖም፣ ን ኣብነት ከም ናይ ደም ጸቕጢ፣ ሕማም ሽኮሪያ፣ ወይ ልዕሊ ዓቐን ናይ ሰብነት ሩግዲ፣ ብ ሰንኪ ኮቪድ-19 ኣዝዩ ከቢድ ሕማም ናይ ምሕማም ዕድልኪ ዝበለጸ ገፊሕ ይገብሮ።

### ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ አዋን ጥንሲ ምውሳድ ውሑስ ድዩ?

(Is COVID-19 vaccine safe in pregnancy?)

**አቶም ዝወጹ ዘለዉ መረዳአታታት ከምዝሕብሩዎ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድኪ ኣብ ልዕሌኺ ዘስዕቦ ሓዳጋ የለን።**

**(Emerging evidence suggests that it's safe for you to get the COVID-19 vaccine.)**

**ኣብ አዋን ጥንሲ ብ ኮቪድ-19 ተታሒዝኪ ዘጋጥሙኺ ከበድቲ ሳዕቤናት ካብ ጥንስቲ አንከለኺ ክታበት ምውሳድኪ ዝለዓለ ሓደጋ ዘስዕቡ አዮም።**
**(The risk of getting COVID-19 and having serious complications is higher than the risk of being immunized during pregnancy.)**

- ጥንስቲ እንተ ኾንኪ ወይ ክትጠንሲ እንተ መዲብኪ ነቲ ናይ mRNA ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድ ዝሓሸ እዩ። ክሳዕ ሕጂ እተገብረ መጽናዕቲ ከም ዚሕብሮ ኣብ እዋን ጥንሲ ክውሰድ ዝኽእል ካብ ኵሉ ዝበለጸ ናይ ኮቪድ-19 ዓይነት ክታበት እዩ።
- 
  - ኩሎም ኣብ ካናዳ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ዘለዉ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ነቲ ን ኮቪድ-19 ዘስዕብ ቫይረስ ብ ሂወቱ ኣብ ውሽጦም ዝሓዙ ኣይኮኑን። አቲ ክታበት ብ ኮቪድ-19 ሕማም ዘትሐዘኪ ኣይኮነን።
  - ናብ ውሽጢ ሰብነት ሓደ ሰብ mRNA ብመርፍአ ምሃብ ናይ አቲ ወዲ ሰብ ዋህዮ ዲ/ኤን/ኤ ዝቕይሮ ኣይኮነን።
  - ክታበታት ብኸመይ ከምዝስርሑ ብዝበለጸ ኣብ'ዚተምሃሪ።

## ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ጥቕሚታት አንታይ አዮም?

(What are the benefits of getting the COVID-19 vaccine?)

- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ይሰርሑ አዮም። አንተደኣ አቲ ቫይረስ ናብ ሰብነትኪ ኣትዩ ኮይኑ ከይትሓሚ ዝገብሩኽን ብኸቢዱ ብ ሕማም ናይ ምጥቃዕ ዕድልኪ ድማ ዝቕንሱን አዮም። ከም ናይ ዘይአዋን ሕርሲ ዝበሉ ናይ ከቢድ ሕማም ሳዕቤናት ሓደጋ አውን ክቕንሱ ይኽአሉ አዮም።
- አቲ ክታበት ነቲ ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤትኪ ምስ ገና ዝተወለደ ዕሸል ሓዊሱ ክህሉ ዝኽአል ናይ አቲ ቫይረስ ለበዳ አውን ክቕንስ ዝኽአል አዩ።

ንዝበለጸ ሓበሬታ፣ በዚ ተወከስ eyhp@ahs.ca
ናይ ሰነድ በዓልቤት: Maternal Newborn Child & Youth Strategic Clinical Network መወዳእታ
ዝተማሓየሸሉ: 05/04/2021 1000h
ብ ECC ዝተረጋገጸሉ፥ 05/04/2021 1041h

Alberta Health Services

### ንዓኺ ትኽክል ብዝኾነ መልክዑ ናይ ነገራት ሚዛን ምሕላው

**(Balancing what's right for you)**

ኣብ ሓበሬታ ዝተደረኸ ውሳነ ክትውስኒ ክሕግዘኪ ምእንታን ብዛዕባ ኮቪድ-19 ን ብዛዕባ ክታበታቱን ዝበለጸ ንምፍላጥ ሞክሪ። ሕቶታት እንተድኣ ኣለውኺ ኮይኖም፣ ምስ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢኺ ብዛዕባ ኣቶም ዘለዉ ክታበታት ተዘራረብ። ናይ **ዘለኽሉ** ኩነታት ገምጋም ግበሪ። ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታ ን ርእስኺ ሕተቲ፣

- ኣብ ስራሕ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ገዛኺን ኣብ ኣትነብርሉ ማሕበረሰብን ብ ኮቪድ-19 ክትተሓዝሉ ኣትኽእልሉ ዕድል ክንደየናይ አዩ?
- ን ኣብነት፣ ካብ ገዛ ወጻኢ ምስ ካልኦት ዘራኽበኪ ስራሕ ትሰርሒ ድኺ? መጻምድኺ ወይ ዝኾነ ኣባል ናይ ስድራ ቤትኪ ካብ ገዛ ወጻኢ ምስ ካልኦት ሰባት ዘራኽቦ ስራሕ ይሰርሕ ድዩ? ኣብ ብሰባት ዝተጨናነቐ ገዛ ድኺ ትነብሪ?
- ኮቪድ-19 እንተሒዙኪ ናብ ከቢድ ኩነታት ጥዕና ክኣትወኪ ዝኽእል ኩነታት ሕክምና ኣለኪ ድዩ? እዚ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ክብደት፣ ሕማም ሽኮርያ፣ ልዑል ናይ ደም ጸቕጢ፣ ኣዝማ፣ ወይ ብሰንኪ ሕማም ወይ ሕክምና ዝመጸ ናይ ሰብነት ድኹም ተኽእሎ ምክልኻል ሕማም ዝሓቁፍ አዩ።
- ብ ኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ዕድልኪ ንምቕናስ ክሳብ መወዳእታ ጥንስኺ ኣብ ገዛኺ ኮይንኪ ክትሰርሒ ትኽእሊ ድኺ?

ድሕሪ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድኪ፣ ናይ ርእስኺ፣ ውላድክን ካልኦትን ውሑስነት ንምሕላው ነቶም [public health መምርሒታት](#) ምስዓብኪ ቀጽልሉ።

---

**ካብ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት አንታይ ትጽቢት ክገብር ኣለኒ?**

(What should I expect with a COVID-19 vaccine?)

ዝኾነ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ዝወሰደ ሰብ ገለ ግዳማዊ ሳዕቤናት ከጋጥሙዎ ተኽእሎ ኣሎ። ብዛዕባ ግዳማዊ ሳዕቤናትን ብኸመይ ምቁጽጻር ከምዝከኣልን ምስ ናይ ጥዕና ኣቕራቢኺ ተዘራረብሉ። ብዛዕባ ክታበታት ተወሳኺ ንምፍላጥ [ኣብ'ዚ](#)፣ ተወከሲ።

---

**ነቲ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት መዓስ ክወስዶ ኣለኒ?**

(When should I get the COVID-19 vaccine?)



**ኣብ'ዚ ሐዚ ሰዓት ዝኾነት ጥንስቲ ጓል ኣነስተይቲ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ክትወስድ ትኽእል እያ።**

**(Anyone who is pregnant can now get a COVID-19 vaccine.)**

- ነቲ [ናይ ኦንላይን ሪጋ መትሓዚ](#) (ahs.ca/covidvaccine) ብምጥቃም፣ ናብ [ፋርማሲ](#)፣ ብምድዋል ወይ ናብ 811 ብምድዋል ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ቆጸሮኺ ክትሕዚ ትኽእሊ ኢኺ።
- ኣብ አዋን ጥንስኺ ኣብ ዝኾነ አዋን ነዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበትኪ ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ።
- ጡብ አናጥበውኻ ነዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድ ዘስዕቦም ዝተፈለጡ ሓደጋታት ዘጊድ የለዉን።
- አንተደኣ ሕቶታት ሃልዮምኺ ምስ ኣቲ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢኺ ተዘራረቢ፣ አዚ ግን ነቲ ክታበት ንምውሳድ ኣገዳሲ ዝበሃል ኣይኮነን።
- ድሕሪ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድኪ ካልኦት ኣብ አዋን ጥንሲ ዝወሃቡ ከም ዲታፕ ዝበሉ ክታበታት ቅድሚ ምውሳድኪ ናይ ክንደይ መዓልቲታት ፍልልይ ከምዘድልየኪ ምስ ኣቲ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢኺ ተዘራረቢ።

---

**ብዛዕባ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት [ኣብ'ዚ](#) (ahs.ca/covidvaccine)ብምውካስ ተወሳኺ ፍልጢ።**

**(Learn more about the COVID-19 vaccines [here](#) (ahs.ca/covidvaccine).)**